# ኢጋዳሲ መጸዋዓታ ንኹሉ ህዝባዊ፥ ማሕበርዊ፥ ሰብአውን ውዳበታት ኤርትራ ኣብ ጀርመን

ክቡራትን ኩቡራንን ኤርትራውያን ፈተውቲ ህዝብናን ነበርቲ ጀርመን፡አብዚ እዋን'ዚ ዓለምና ብሰንኪ ኮሮና ቫይረስ ብ(COVID-19) ኮቪድ-19 ዝፍለጥ ትሕመስን ትሕቆንን ኣላ። ካሮና ቫይረስ ኣብ ኩሉ መዓልታዊ መነባብሮ ወድሰብ መጺኡ ንጥፈታናን ምንቅስቓስናን ክድርት ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ኩነታትና ከቢድ ጽዕንቶ ይፈጥር ኣሎ። ሕሉፍ ሓሊፉ ከኣ በቲ ቀዛፊ ባህርያቱ ንሞት ተሓጽዩና ይርከብ። ንድሕነትና እቲ ስጋብ ሕጂ ክግብር ዝካኣል እንኮ መማረጺን ምክልኻል፥ ምክልኻል፥ ምክላኻልን.... ጥራሕ'ዩ። እዚ ሰላሕ እናበለ ዝቐዝፍ ሓደገኛ ለበዳ ሕማም'ዚ መድሃኒቱ ስጋብ ዝርከብ ካብ መቕዘፍቲ ክንድሕን ስለ ዘሎና ከአ ኩሉ እቲ ዝድለ ናይ ምክልኻል መሳርሒ ንድሕነትናን ከባቢናን ክንብል መታን ብግቡእ ከነተግብሮ ይህልወና።

እዚ ለበዳ ሕማም'ዚ መንነት፥ ዜጋ፥ ጾታ፥ ሃይማኖት፥ ሕብርን ዶብን...ወዘተ ዘይፈሊ በአልማማ እና ተላብዐ ዝምርሽ ምዃኑ፡ ብግብሪ ንርእይን ንዕዘበን አሎና። ዓበይቲ ርኹባት ሃገራትን መንግስታትን ክጣራዓ ገይርወን አሎ። ገና ዕድል ዘይረኸባ አብ መጀመርያ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራትን ኣብ ውጽዕ ህዝብታተን ከምዚ ዓይነት ናይ ለበዳ ሕማም ክመጽእ ከሎ ዝጋጠም ሓደጋን ዘምጽኦ ሳዕበንን እዚ ኢልካ ክግመት ዘሸግር'ዩ። ይኸን እምበር ምስ ወረደካ ዝግበር ነገር የለን ኢልካ፡ ኢድካን እግረኻን አጣሚርካ ምርኣይ ክልተ ሞት'ዩ ዝኸውን። አምሳያኡ ኩሉ እቲ ብዓቕሚ ሰብ ክግበር ዝከአል ምክልኻል ምድግጋፍን ክግበር ግድን ይኸውን። ብኡ መጠን ከአ እቲ ሓደጋ ይቕንስ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ወጥሪ ንምፍታሕ ዝግበር ርብርብ ዝፈጥሮ ምሃዝነትን ምብላሓትን በቲ ሓደ ወገን፡ ብቲ ካልእ ከአ ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰባት ዝፍጠር ምድንጋጽን ምልውዋህን ዝውልዶ ዱልዱል ዝምድና ደቂ ሰባት ከም ዘሎ ክዝንጋዕ አይግባእን። እዚ ጉዳይ'ዚ ንኹሉ ህዝብታት ዓለም ዝምልከት ኮይኑ፡ ብፍሉይ ንዓና ኤርትራውያን ብዝያዳ ከቢድ ይገብሮ። **ከመይሲ ቅድሚ ካሮና ቫይረስ ብርእሰ ውልቀ መላኺ ኢሰያስን ጉጅሊኡን ከም ህዝቢ በሪስናን ማሲናን ከም ሃገር ከአ ለሚሳን ሰለ ዝጸናሕና እዩ።**

ስለዚ ነዛ ጽንክርቲ መድርኽ ድርብ ቃልሲ አካይድና ኩሉ ዓቕምታትና አተሓባቢርናን ተዳጋጊፍናን ክንወጻ መድረኽ ማዕጸኡ ከፊቱ ይጽዋዓና አሎ። ሽግርን ወጥርን ዝመጽእ ንምጥፋእ ውይ ከአ ንምልማዕ'ዩ። አብ ክንዲ ተዳሂልና ብሽግር ንጠፍእ፡ ጥብብ ብዝመልአ ውሕሉልን ብትብዓት ዝተሰነየ ቃልሲን አካይድና፡ ናብ ዝሓሸ ፍታሕን ራህዋን ክንሰጋገር እዩ ዘሎና። ንሽግርና ሓሪና ከም መንጠሪ ናብ ራህዋ ንጠቐመሉ።

በዚ ኢጋጣሚ'ዚ ንአብ ጎረባብቲ ሃገራት ተሰዲዶም ዘለው አብ ከርፋሕ ናብራ ንዝኸፍኤ ሓደጋ ተጻጢሖም ዘለው ወገናትና ሐገዛትና ከነበርክት ኩላትና አብ ጀርመን እንርከብ ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሕን ማሕበራትናን ተሓባቢርና ከነትግብሮ ንጽውዕ። ብወገና ነዚ እተመዘዘት ጊዝያዊ ኮሚተ ቆይማ አላ። ምስ ኩሉ በዚ ጉዳይ'ዚ ዝግደስ ከአ ተሓባቢራ ክትሰርሕ ቅሩብነታ በዚ ኢጋጣሚዚ ክንሕብር ንፈቱ። ንዝያዳ ሓበረታ ኣብ ታሕቲ ዘሎ አድራሻ ተጠቀሙ። ብቀታ ሓገዝ ክገብሩ/ራ ዝደልዩ/ያ እዚ ዝስዕብ ናይ ባንክ ሕሳብ ተጠቐሙ/ማ። DE 515105001501403140313537 Verwendundgsyweck: GG/Corna Virus

ሽማገለ ምጥርናፍ ፖሎትካውዊ ውድባትን ሰልፍታትን አብ ጀርመን

ተስፋማርያም ክብርአብ tele: 017657636164 Email: deb1981@gmx.de

ክብርአብ ምስግና tele: 01772031490 Email: balwa@web.de